<u>ገብሪኤላ ሕደጊ ’ንዶ!</u>



ሕደጊ በሉዋ፣ ለምኑለይ
በዛ ጉዳም ከፊኡ ዕድለይ
ጸባ፣ርጉኦ ክንዲ ’ትኾነለይ
ሓዊዶ ትእጉደለይ!

ለብዘበን ልበይ ነደደ
ጉድ ረኺበ፣ ተዋሪደ
ዓዲ ’ማተይ ተሰዲደ
ምስ’ዛ ነግራም፣ ምስ’ዛ ዕደ!

ሕደጊ በሉለይ፣ ምሓሪኒ
“ኣያይ!” በሊ፣ ኣይትዳፈርኒ



መገዲ ኽንድ ’ትሕብርኒ
መዓንጣይዶ ተሕርርኒ!

ስዕስዒት፣ ጸወታ ይመስላ
ልበይ ኣብ ሰማይ ሰቒላ
ብገደል፣ ጸድፊ ኣንጠልጢላ
መቐሎ ሓጺን ትቐሉ ’ላ!

ኣፋ ምዓር፣ ልባ ዕረ
በተን ጓኖት ኣማሪረ
እንተ ዘይፈትወኪ ነይረ
ልበይ ምእዝ ምሐረረ?



ጉድ መጺኒ፣ ርኢኹምዶ?
እዛ ሰራም ሓንጊዳ ’ንዶ!
ልበይ ኣቑሲላ ’ተንድዶ፣
ገብሪኤላ! ሕደጊ ’ንዶ!

ምስ ምሓዙት ጥራይ ወግዒ
ብዘይላግጺ፣ ብዘይቀይዒ፣
ዝበልኩኺ ዘይትሰምዒ
መንገድኺ ተጻግዒ!

ገ/ኢ. ጕርፉ።